# ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ጊላነት።

### ሻብዓይ ክፋል!!!!! ሕጂኸ መደብ ናበይ?

*ብመምህር ተስፉ ዘውደ።*

ድሕሪ ናይ ማእከላይ ትምህርቲ መልቀቒ ንኣዲስ ኣበባ ኢየ ከይደ። ግን ቅድሚ እዚ ኩሉ ኣብ ናይ ስድራይ ኩነታት ክዕዘቦ ዝኸኣልኩ ገለ ኩነታት ነይሩ። ኣደይ ወ/ሮ ፋና ተላ ኣብ ልዕሊ ንጉስ ሃይለ-ስላሰ ፍሉይ ጽልኢ ነይርዋ። ገና ሕጻን ከለኹ ናይ ጽጥታ ሰባት ኣብ ገዛና ሕቡእ ብረት ኣሎ ዝብል ምጉርጓር ምክያዶመ ትዝ ይብለኒ። ስለ ምንታይ ዝብል ሓሳበ ካብ ሓንጎለይ ተፈልዩ ኣይፈልጥን። ኣቦይ ካብ ምምሕዳር መንግስቲ ኣንግሊዝ ዝተዋህቦ ሽጉጥ ከም ዝነበሮ ኣደይ ትሕብረኒ ነይራ። ገዛና ኣብዚ ሎሚ ብናይ ባጽዕ ምሕራር ዝተሃርመ ዓቢን ስሉምን ቤተ-መንግስቲ (Place)፣ ብድሕሪኡ ድማ ሎሚ ሃብቲ ዓሳ ዝጽዋዕ ዘሎ ኢዩ ነይሩ። ኣብኡ ድማ ተወሊደ። ኣብ ጥዋሎት በቲ እዋን'ቲ ጸዓዱ ጥራይ ወይ ሓናፍጽ ጥራይ ይቕመጡ ነይሮም። ኣነ ዘርከብኩሉ እንዳ ኣቦይ ሓመኖር ናይብን ንሕናን ጥራይ እንበር ካልእ ጸሊም ብዘይካ ክልተና ስድራ-ቤታት ኣይነበራን። ኣቦይ ምስቲ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ኣመሓዳሪ ዝነበረ (SDO senior divisional officer) መራሕ መኪና ኢዩ ነይሩ፣ ኣቦ-ሓጎይ ፊተውራር ተስፉ ማሕራይ ናይ ዓዲ ቀይሕ ከንቲባ ስለ ዝነበሩ፣ ምስ ምምሕዳር ጥልያንን እንግሊዝን ሌላ ካብ ሽዑ ዝጀመረ ኢዩ ነይሩ። ስለዚ ናይ ኣቦይ ንባጽዕ ምውራድ ብናይ ኣበሓጎይ መደብ ኢዩ ተተግቢሩ። ሓወቦይ ተስማ ዘውደ እውን ብመጀመርያ ምስ ጥልያን ንሮማ ብድሕሪኡ ምስ ምምሕዳር እንግሊዝ ንዓደን ብስራሕ ከይዶም ነይሮም። በቲ ምስ ዶብ ዝተተሓሓዘ ወራራት ኣባ-ሓጎይን ዓባየይ ምስ መሳፍንቲ ኢትዮጲያ ብዙሕ ጸገም ከም ዝነበረ ስለ ዝፈልጡ፣ ናይ ጥልያንን እንግሊዝን ግዝኣት ኣይቀበልዎ እንበር ንምዕባለ ግን ጩራ ከም ዝኸፍት ይኣምኑ ኢዮም ነይሮም ዝብል ብሂል ኣብ ኣንዳ ኣቦታተይ ብሰፊሕ ይዝንቶ ነይሩ። በቲ ናይ ሕብሪ ትምክሕቲ ጥልያን ምስ ኣሕዋቶም ዓሳውርታን ሳሆን ብፍላይ ምስ እንዳ ኣባሓጎና ዓሊበ ብዙሕ ኢዮም ዝቀራረቡ ነይሮም። ኩሎም ብመላኦም ኣቦይን ሓወፎታተይ ድርብ ቋንቋ ይዛረቡ ነይሮም። ድሓር ኣቦይ ሓወቦይ ተሰማን ትርጁማን ጥልያን ቀጺሎም ናይ እንግሊዝ እውን ነይሮም። ክሳብ ትውልድና ካብ ደንከል (ዓፋር) ብፍላይ ኣንከላ ኢዩ ይብሉን ዓቢ ምሕዝነት ኢዩ ነይርዎም።

ኣብ ባጽዕ ሓንቲ ብዕንጸይቲ ዝተሃንጸት እሞ ንኣጋር መተሓላለፊት ድልድል ዝነብራ ቤተ ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ተዋህዶ ጥራይ ኢያ ዝነበረት። ኣብቲ እዋን ንባጽዕ ወሪዶም ዝሰርሑ ደቂ ከበሳ ኣብ ውሽጢ-ባጽዕ፣ ዕዳጋ፣ ኣብ ግራር፣ ጥራይ ዝቕመጡ ነይሮም። ብዘይካ ደቂ ሃገር ብርክት ዝበሉ ጠላይን፣ ውሑዳት እንግሊዛውያን፣ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣዕራብ ዝመጹ ደቂ የመን፣ ሓድረሞት፣ ደቂ ያማን፣ ህንዳውያን፣ ፓኪስቲናውያን፣ እውን ነበሩ። ኣብ ዕዳጋ ድማ ሱዳናውያን፣ ሶማል፣ ተወላዶ ሃውሳ ካብ ናጀርያ፣ ቶኮርና ካብ ቻድ፣ ንሕጃ ድሕሪ ምጓዓዞም ክምለሱ ከለዉ ኣብ ባጽዕ ተሪፎም ዝቕመጡ ብርክት ዝበሉ ነይሮም። እቲ ክሳብ ሎሚ ዘይተረድኣን ካብ ላይበርያ ምስ ናይ እንግሊዝ ሰራዊት መጺኦም ዝተረፉ ወተሃደራት፣ ኤርትራውያን ተመርዕዮም ይቕመጡ ምንባሮም እዝክር። ተጋሩን ኣምሓሩን ምስ ናይ ጥልያን ዕስክርና እውን ድሕሪ እቲ ፍጻሜ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ባጽዕ ዝተረፉ፣ ኣብ ዕዳጋ፡ ካቦ ማርታ፡ ነይሮም። ማይ-ጨው ከም ማይ-ጨሎት ወይ ማይ-ባድ ተሓጺቦም ዝተረፉ እውን ነይሮም። ኣብዚ እዋን እዚ ካብ 1947 ጀሚሩ ፖለቲካዊ ጉዳይ ኤርትራ ከም ሃገር ንምህናጽ ምንቅስቓስ ተጀሚሩ። ብናይ ኣደይ ኣገላልጻ ኣቦይ ንማዕረባን ዓዲ ቀይሕ ከምኡ'ውን ንመንደፈራ፡ ከረን ይመላለስ ነይሩ። ኣብታ ሽዑ ኣብ ዓዲ ቀይሕ ዝተመስረተት ናይ ቀጽሪ ናጽነት ተዋሳኢ ምንባሩ ትገልጸለይ ነይራ። ብናይ ኣደይ ኣገላልጻ እቲ ኮለነል ነጋ ሃለስላሰ ዝብሃል ኣታሼ ወይ ለዞን-ኦፊሰር ዝካየድ ከቢድ ዘመተ ኣብ ባጽዕ ኣንጻር ቀጽሪ ናጽነት ይካየድ ምንባሩ ኢያ ትዝክር። ኣብቲ ኣንዞ ማተንዞ ዝመጸሉ እዋን፣ ደገፍቲ ኢትዮጵያንን፣ ቀጽሪ ናጽነትን ዝግበር በቲ ሓደ መዳይ ንኤርትራ ኣካል መግዛእቲ ሃይለስላሰ በቲ ካልእ ድማ ኤርትራ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣወጊዳ ናጻ ሃገር ንምግባር ነቲ ወካሊ ሕቡራት ሃገራት ጭብጥታት ብቁጽሪ ንምቕራብ፣ እቲ ቀንዲ ፍሕሶ ከም ፍሉይ ዲቪዛ ዝተኸድኑ ናይ ኣንድነት ደገፍቲ ኣብ ባጽዕ ከም ተቐማጦ መሲሎም ብሓሶት ዘይሕጋዊ ውንብድናን ምድንጋርን ፣ ነቶም ዓብላሊ ተራ ዝነበሮም ቀጽሪ ናጽነት ክዕብልልዎም ብብዝሒ ቨንቲ ኡኖ ዝተባህላ ናይ ጽዕነት መካይን ኮነ ባቡር ተሰቒሎም ወጋሕታ ንባጽዕ ኣዕለቕሊቖማ። ነበርቲ ክመስሉ የደናግሩ ነይሮም። መንግስቲ እንግሊዝ እውን ኣንጻር ቅጥፈቶም ዝወሰዶ ስጉምቲ ኣይነበረን። ኣብቲ ዝነብሩሉ ቦታን ከባብን ተሳቲፎም ከብቅዑ መሊሶም ናብ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ክሳብ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ናይ ብዝሒ ደገፍቲ ኢትዮጵያ ከም ዘለዉ ዝገልጽ ብዝሑም ብዓመጽን ብምፍርራሕን ኣየካይዶም። ገለ ኣንስቲ እውን ብሩኽ ንጉስና ጸሎት ክገብሩ ኣብ ዝሑል በርሚል ማይ ኢዮም ዝሓድሩ ክብላ ነደይ ብእምነት ኣምሲለን ካብ ሓዳራ ናይ ምዝንባል ሜላ የካይዳ ምንባረን

ተገልጸልና ነራ።  ኣደይ ብዘይ ፍርሒ ከምዚ ክትብል ትምልሰለን ነይራ። ምኣስ መዓስ ዓሻ ኮይኖም ከምኡ ዝገብሩ፣ ጥጡሕ ዓራትን ዝፋንን ከለዎም ንመን ክጥዕሞ ኣብ ዝሑልን በርሚል ማይ ዝሓድሩ? ከምኡ እንተዝገብሩ ንዓና መኽሰብ ነይሩ፣ ናይ ሳንቡእ ሕማም (ፖልሞኒታ) ብንቁስ መበለቶም ትብለን። ገሊኤን ከምዚ ናይ ሎሚ ከክንዲ ዓባይ ላም ዝኣኽላ ኣንስቲ ሚዶን መሰተርን ኣብ ጸግረን ወድየን ኢሰያስ ኢሰያስ ዝብላ ዘለዋ ይመስላ ነይረን ማለት ኢዩ ክብል እደፍር። ኢሰያስ እውን ነዚ ማእለማን ቶንኮል ኣጽኒዑ ካብ ጎይትኡ ሃይለ ስላሰ ተለቂሑ ይጥቀመሉ ኣሎ።

ፖለቲካዊ ቅልውላው ኣብ ገዛና እውን ተንጸላሉ ምንባራን፣ ኣደይ ናይ ኣቦይ ህይወት ክትዝክሮ ከላ ብጣዕሚ ኢያ ተስቆርቅር። መሓዙት ኣቦይ ከም እንዳ ሱሮሚ፣ እንዳ ደለሚ፣ ኣንዳ ሱለማን ታምር፣ ኣንዳ ናይብ፣ እንዳ ሙሳ ጋዓስ፣ እንዳ ሸኽ ዓሊ መህሪ  እንዳ ኣቦይ ፍትዊ፣ እንዳ ኣቦይ ተኽላይ እማን፣ ኣንዳ ኣቦይ ለገሰ፣ እንዳ ኣቦይ በረከትኣብ ዝኣመሰሉ ኢዮም ነይሮም። ናይ ኣደይ መሓዙት እውን ፋጥና ሻሕማ፣ ፋጥና ከሚስ ኣደይ ብጫ  ኣደይ ንግስቲ፡ ኣሞይ ክብራ ዝበሃላ ጽፉፋትን ወራዙትን ኣንስቲ ምንባረን ይዝክር። ሓወቦይ ግራዝማች ገረማርያም ተስፉ እውን ዳኛ ክርስትያን ኣብ ባጽዕ ኢዮም ነይሮም። ኣነ መብዛሕትኡ ምስ ኣደናን ዓብይናን ገርና ንቆጽራ ወይዘሮ ነፊሳ ዝብልዋ ሱዳናዊት (ካብ ብሄር ጀዓልቲ) ኢና ንጻወን ነሕልፎን ዝነበርና። ዝምድና ወለደይ ኣብቲ ቀንዲ መሰረት ቀጽሪ ናጽነት ኢዩ ነይሩ። እሱ ብምእማን ግን ኣብ ሰውራ ኤርትራ ብንእስነትይ ዝጸለወኒ። ቅድሚ ናብ ሜዳ ምኻደይ ግን ምስ ብመጀመርያ ንኣስመራ ደሓር ምስ ኣኮታተይ ንኣዲስ ኣበባ ክቕመጥ ከይደ። እቲ ናይ ኤርትራ ናጻ ትርጉም ክህልዎን ክትግበርን ኣለዋ ዝብል መርገጺየይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣዝዩ ደልደለ።  እቲ ዘሕዝን ንናጽነት ኤርትራ ትርጉም ሂቦሙሉ ዘይፈልጡ ገዛውቲ ምስቲ ናይ ተመሃሮ ምንቅስቓስ ስሉኽ ኢሎም ኣትዮም ሎሚ ኩሉ እቲ ሕልሞም ኣንጻር ሃገር የተግብርዎ ምህላዎም ኢዩ። ቤተ-ሰቦም ብክልተ ካራ ዝበልዑ፣ ክውዕን ብማንካ እንክ ጥዕምን ብኢድካ ኣብ ክልተ ዓንዲ ተንጠልጢሎም ከይተለለዩ ኣብ ኮረሻ ስልጣን ተቐሚጦም ነቲ ልሳን ህዝቢ ክኸውን ዝግብኦ ናይ ሓበሬታ ማዕከናት ንረብሓኦም ክጻወቱሉ ይርከቡ። ቀንዲ በዳሊ እቲ ክፍሊ ህዝቢ ዝበሃል ትካል ስለ ዝበሓቱ ኢዮም ከም ድላዮም ዝጻወቱልና ዘለዉ። ኣረ መዓስ ኢና ንባራብር? እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ናይ ዝተፈላለዩ ካብ ውሽጢ ሃገርን ካብ ወጻእን ሃገራትን ዝተሰዱ ዜጋታትን ብ ዝጥዕሞ ኣብ ከርሲ ኤርትራ ናብ ኩሉ ክርናዓት ወረዳታትን ዓድታትን ከይተረፈ ኣገዳድን ናይ ሰፈራ ትእዛዝን ዘይኮነስ ዘዋጽኦም ስራሕን ንግድን ካልእ ሞያዊ ክእለቱን ኣሚኖም ናብታ ትዓቢ ዝነበረት ወደብና ባጽዕ መጺኦም ህዱእን ልዙብን ጽቡቕ ጉርብትናን ዘለዎ ዝምድና መስሪቶም ይነብሩ ነበሩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ተሳንዩ ዝነብረሉ ህዝቢን ከባብን እውን ኢየ ዓብየ። ተሓዋዊስካን ተኸባቢርካን ኣብ ትነብረሉ ከባቢ ምዕባይ ድማ ባዕሉ ኣዝዩ ምዕቡል ሕብረተ-ሰብ ዝህነጸሉ ባህርታት ክትወርስ ዘገርም ኣይኮነን።

መበቆልና ካብ ከበሳ ስለ ዝኾነ ኣደና ኣብ ንግደት ዓዳ ንእምበይቶ ሰሓርቲ ንግደት ገርጊሽ ሕዳር ሒዛትና ኣብ ዓመት ስለ ትኸይድ ዝነበረት፣ ህዝቢ ካብ ኩሉ ከባቢ ክነግድ ዝመጸ እታ ዓዲ ብበጻሕቲ ከተዕለቕልቕን፣ ድሙቕ ኣቀባብላ ክትገብርን፣ ንሪእን ንዕዘብ ነርና። ዘመድ ዘይብሉ እውን ብምርሒት ተመሪሑ ከም ኩሉ ነጋዳይ መግቡን መደቀሲኡን ከይተረፈ ከይተሰከፈ ዘሕልፎ። እዚ ልምድን ኣገባብን ዘለዎ ሕብረተሰብ ዝህበካ ተመስጦ ኢዩ ንዕኡ ክትጋደለሉ ዝበራብረካ። እዚ ጥራይ ኣይኮነነን። ካልእ እውን ሕልፍ ዝበለ ብሓባር ዝዳሎን ዝቐርብን እንግዶት ሽሻይን'ውን ኣሎ። ኣብ ባጽዕ ብፍላይ ናይ ሽኽ ዓብደልቃድር ጀላኒ ዝያራ (ንግደት) ካብ ምሉእ ባጽዕን ካብ ኣስመራን ካብ ጊንዳዕን ካብ ካልእ ከባቢታት ኤርትራ ኣስላሙ ክርስትያኑ ብሓባር ንኢምበረሚ ይውሕዝ። ንኹሎም ዝነግዱ ኣመንቲ ናይ ክልቲኡ እምነታት ከከም እምነቶም ዝኣክል ሽሻይ ይቐርበሎም። ንኣስላም ንክርስትያን በብእምነቶም ኣባጊዕን ኣጣልን ይሕረዳ። ኣኣብ መኣዱም ቀሪቦም ይምገቡን የዕሉሉን። ንረቦም ድማ ብሓባር በብእምነቶም ድማ የመስግኑ። ናይ ቢዘን ፈለስቲ እውን ከይተረፉ ኣብቲ ድሙቕ በዓል ከም በዓል ኣባታችን ኣርኣያ ይሳተፉ ነይሮም። ኣብ ጥሪ ኣስተርእዮ ማርያም ዝግበር ሽሻይን እንግዶትን ክሳብ መካይን ምሉኣት ዘምጽኡ ምየስን ስዋን እውን ይኽስከስ ነይሩ። ከምዚ ዝበለ ወለዶ ስለ ዘዕበየና ኢና ክንጋደል ወጺእና። ትምህርትና ካብ ህዝብና ኢዩ ነይሩ። ወለድና ካበየናይ እምነት ብዘየገድስ ኣብ ግዜ ዝኽትምና'ውን ብዘየገድስ እቶም ዝተረፉ ሕድሮም ኣጽኒዖም ክንድቶም ዝኣምነዎ ይኣልዩናን ሓላፍነትና ይወስዱ ነይሮም። ሓብተይን ኣነን ኣብ ግዜ ትምህርቲ ኣቦና ምስቲ ምዉቕ ናይ ሃገር ፍቕሩ ከሎ ብዝሓደሮ ጠንቂ ኣብ ሰዊት ዕድሚኡ ብሞት ተፈልዩና። መሓዙትን የዕሩኽን ኣቦና ኣብ ትምህርቲ ዝዕጸወሉ ክሳብ ኣቑርደት ወሲዶም ብፍላይ እንዳ ሽኽ ዓሊ መህሪ ልዕሊ 2 ኣዋርሕ ዝተቐመጥኩሉ ግዜ ነይሩ። ከም መውስቦ ድማ ምሕረት ሓብተይ ንዓሊ ዓብዱራሕማን ኢያ ተመርዕያ። ነዚ ምትሕቑቓፍን ሕውነትን እዚ ዓቂብካ ዘዕቢ ባህላዊ ልምድና ተሪፉ፣ ሎሚ ብሓዳስ ኤርትራ ዝብል ንኡስ ዕድመ ካብ ሑቕፉ ስድርኦም ኣውጺእካ ባህሎምን ልምዶምን ቀይርካ ንኤርትራ ሃብታም ባህላ ደምሲስካ ደቅና

ብፋብሪካ ውድብ ዝተሃንጹ መንእሰያት ቀይርካ ምድዋን እዚ ዘሎ ሕጂ ዘይነበረ ዶብ ሰጊርካ ዝመጽእ ዘሎ ስደት ከተበርክት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ዓቢ ክሕደት ኢዩ።

ኣብ ኩሉ እቲ ናይ ቃልሲ መዳይ ብዘየገድስ ወተሃደራዊ ስርሒት ዝተሓወሶ ክኸውንን ናይ ጸጥታ ሕቶ ድማ ክዕቀብን ገና ክትስለፍ ከለኻ ኢዩ ዝርደኣካ። ሓላው ጸጥታን ኣተጋብሩኡን ምስ ሓልዮት ነፍስ-ወከፍ ትስከሞን ሰውራኻ ክትሕሉ ግዴታኻ ስለ ዝኾነ በቲ ወተሃደራዊ ሕግታት ተቐይድካ ገለ ናጽነትካ ክትውፍን ትሕቲ ትጽቢትካ ክትነብርን ቅቡል ገርካ ትወስዶ። ክኸውን ዘለዎ ናይ መነባብሮ ህይወት እውን ኢዩ። ኣብ ዕጥቅን ዲስፕሊን ዝተሓወሶ ምስ ምስጢር ምዕቃብ ድርኺት ክግበር ዘተሓታትት ጉዳይ ኣይኮነን። ጸጥታ ብሕጊ ዝተሰነየ ጸጥታ ክህሉ ዘየማት መርገጺ ኢዩ። ጸላኢ ሰሊኹ ብውሽጢ ከድመዓልካ ብሸለልትነት ተዳህሊልካ ክትጽበ ንዕንወትን ክሳራን ዘቃልዕ ገበን ኢዩ። ግን ኩሉ ኣባል ሰልፊ ተራ ይኹን መራሒ ፍትሓዊ ክኸውን ኣብ ትሕቲ ሓደ ውሁብ ናይ ሕጊ ተማእዛዝነት ክህሉ ናይ ግድን ይገብሮ። ጸላኢ እውን ብዝተፈላለየ ሜላታት ክፈታተነካ ሙኻኑ ኣቓሚምካ ክትፈልጦ ዘለካ ኢዩ። ኣሕጽር ኣቢለ ክገልጾ ክርብትሆን ዝደሊ ንናይ ጸላኢ ምኽሻሕ ብዝብል ምስምስ ንወገን ብኣሰራርሓ ስለ ዘይተቓደኻ ከዳዕ ወይ ሃሱስ ኢልካ ምጥፋእ ምስ ምሕቃቕ ሃገር ኢዩ ዝቑጸር። ጭብጥን ብቑዕ ሓበሬታ ዘይብልካ፣ ዝተፈጸመ ነገር ወይ ክግለጽ ዘለዎ ከየቕረብካ ንተጋዳላትይ ተሪርን በሊሕን ክጎድም ንጹር ኣሰራርሓ ዘተኣታቱ፣ ንምዕባለ ዝወስድ መስመር ዝኣንፈተ ናተይ ቦታ ክብሕት ኢልካ ዘይናትካ ቦታ ማለት ንብረት ህዝቢ ዝኾነ ስልጣን ክትግብትን ፈላጽን ቆራጽን ዝኾነ ግናዕ ኢድካ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ከተንብር ከለኻ ካብቲ ምስ ጸላኢ ገጢምካ ዝወርድ ክሳራ ዝላዓለ ኢዩ። ጸላኢ ቁጽሪ ተጋደልቲካ ከጉድል ኢዩ ዝዋጋእካ። ናይ ውሽጢ ነቐዝ ግን ንናይ ናጽነት ገረብ ከውድቕ ሱራ ኢዩ ዝፍሕቕ። ዝካየድ ዘሎ ድማ ንሱ ኢዩ።

ኣብ መጀመርያ 50 ታት ኣብቲ እዋን እቲ ንሸፋቱ ንምሕላው ተባሂሉ ኣቓዲሙ ዝቖመ ስትራይኪንግ ፎርስ (Striking Force) ወይ ባንዳ ብጨርቂ ዝብል መጸዋዕታ ዝነበሮም ካብ ፖሊስ ፍልይ ዝበሉ ወተሃደራት ምንባሮም ዝዝከር ኢዩ። ነዞም ካብ ሰበኽ ሳግም ክፋል ህዝብና ዝተመልመሉ ደው ኣቢሉ ስርዓት ሃይለስላሰ ካልእ ዝዓይነቶም ዕጡቓት ኮማንዶ ዝበሃሉ ቀይሩ ሕጂውን መብዛሕትኦም ካብ መጓስ ዝነብሩ ኣካላዊ ብቕዓቶም ምስ ቁመቶምም ቁመኖኦምን ሓዊስካ ብምምልማል ሓዲሽ ኣካል ብናይ እስራኤል መደብ ዝተዓለሙ ኣቘመ። ድሕሪ ኤርትራ ብጉባጡ 1961 ብረታዊ ቃልሲ ንዝተፈጸመ ጎበጣ ንምምካት ይመስረት። ሃይለሰላሰ ስለ ዝረዓደ ምዕቡል ኢዩ ዝብሎ ወተሃደራዊ ቅርጺ ይፍጠር። ኣብ 1966 ድማ ኣብ ባርካን ሰንሒትን ኣብ ከባቢ ሳሆን ዓሳውርታን ሰምሃር ወይ ብጅምላ ኣመንቲ ኣስላም ዘለውዎ ከባቢ ዓዲ ቐይሕን ሃዘሞን ኣብ ሰራየን መጥቃዕቲ ብኮማንድስን ናይ ኢትዮጵያ ናይ ምድሪ ሰራዊትን ዝካየድ ጅምላዊ ናይ ሰብ ንብረትን ህልቂትን የካይድ። እዚ ኮነ ኢልካ ዝተፈጸመ ህዝባዊ ህልቂት እሞ (Genocide) ከም ዕላማ ናብ ኣስላም ገጹ ዝቐንዐ ኢዩ ነይሩ። ንብረቶምን ጥሪቶምን ከብቶምን ተዘሚተን ክሳብ ኣብ ከተማ ብ50 ሳንቲም ንላም ወይ ንብዕራይ ይሸየጥ ነይሩ። እዚ ንክርስትያን ዘይምልከት ዝመስል፣ ግን ኮነ ኢልካ ንደቂ ሃገር ብናይ እምነት ፍልልይ ዓሚቕ ጽልእን ቅርሕንትን ንኤርትራ ምቕሃማ ዝብል እኩይ ሜላ ነይሩ። ንዝተወሰነ ግዜ ናይ እምነት ምፍሕፋሕ ምፍጣሩ ዘይተርፍ ኢዩ። እዚ ኣሰር እዚ ድማ ኣብ ሰውራ ካልእ ስምዒት ብምፍጣሩ ዘየድሊ ሳዕቤን ንሰውራ ምግማዕ ከብጽሕ በቒዑ።

ብረታዊ ጎነ+ጽ ዝተመርጸሉ ኩሉ ሰላማዊ መስርሕ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ስለ ዝበጽሐ ኢዩ። እተን ነቲ ህዝቢ ዘይመረጸን ወይ ድማ ብቁዕን ምኽኑይን ዘይኮነ ፍታሕ ዘንበራ ልዕለ-ሓያላን ዝኾና ሃገራት ነቲ ፈደረሽን ዝበልኦ ክፈርስ ከሎ እውን ባዕለን ብኢደ-ዋኑናዊ ዝተተኸለ ንስጉምተን ምክልኻል እውን ኣይበቕዓን። ኢትዮጵያ ወይ ኢምበራጦርያ ሃይለሰላሰ ብዘይ ሕግን ተመልከተለይ ኢሉ ሃገር ክጎብጥ ተፈቂድሉ። ኩሉ ግዜ ብሓይሉ ዝጎብጥ ሽዑን ሎምን ኣብ ሃገርን ህዝብን ኣተሓሕዝኡ ከም ሜላ ሓንቲ ኢያ። እቲ ናብ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘእተወና ህሞት ግን ሽዑን ሎምን ዓቢ ፍልልይ ኣለዎ። ሽዑ ባህልናን ልምድናን ናይ ሃገራዊ መለክዒና ቅርጽን ምስ ናይ ሎሚ ክነጻጸር ከሎ ፈጺሙ ዘራኸብ የብሉን። ሎሚ ከም ወኒ ህዝቢ ኣሎ ክትብሎ ኣዝዩ ዘይቅቡል መሲሉ ይረኣየካ። ናይዚ ጅግና ህዝቢ ድምጹ ኣህጢሙ ከጥፍእ ዝተገብረ ሸርሒ ካብ መጀመርያ ናይ ኢሰያስ ገበንን ውጥን ኢዩ። እዚ እውን ድሙርን ጥቕሉልን ውጽኢቱ ንርኦ ኣለና። ብሓጺሩ፣ ማሕበራዊ ቅርጽና፣ ናይ መንግስቲ ትካላት ተለቪዥንን ራድዮን፣ ኣብ መደምደምታ ድማ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ቀጺላ ድማ ሳዋ ብትንትን ከእትዋልና መደበን ስለ ዘፍረሳና ዛጊድ ግዝያዊ ዓወተን ይሓፍሳ ኣለዋ። ካብ መጀመርያ እታ ክፍሊ ህዝቢ ትበሃል ማለት ጀማሂር፣ ንህዝብና ኣብ ፍርሕን ራዕድን ኣእትያ ክንደይ ወራዙታትን ሽማግለታትን ለባማትን፣ ምስ ጸጥታ ብምትሕብባር ህዝባዊ ቅርጽና ከም ዘህሰሰት፣ ኩለን ዓድታት ኤርትራ ናተን መግለጺ ዝህባሉ ግዜ

ክመጽእ ኢዩ። ሎሚ ኢሰያስ ኣብ መንበር ወይ ኣብ ስልጣን ኮይኑ ኣይኮነን ዘመሓድረና ዘሎ፣ እንሆ ኣብ ገዛና ኣብታ ገበታና ኣንዳዕዲዑ ኣትዩ ንክልተ ወለዲ ብሓባር ከም ዘይዝትዩ ፈንጢሕዎም ይርከብ። ዝተወልደ ህጻን ክሳብ 16 ወይ 17 ዕድመ ኣብ ትሕቲ ስድራ-ቤቱ ይዓቢ ኣሎ ክትብሎ ፈጺምካ ኣይትኽእልን። ኣብ ሓንቲ ስድራ እቶም ትሕቲ ዕድመ ዘለዎም፣ ብተለቪዥን ዝተጸልዉ፣ ናይ ጽልእን ውግእን መናፍሕ ዝሓጸቦም፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ናይ መንግስቲ ክብሪ፣ ልዕሊ ወለዶም ኮይኑ ከም ዝቕረጽ ተገይሩ፣ ናይ ወለዶም ልምድን ወይ ብሽምግልና ዝግበር ውርዝው ኣፈታትሓን፣ ናይ ሰላም ኣፈጻጽማ ተነጊርዎም ኣይፈልጥን። ኣብ ልዕሊ መላእኽትን ኣውልያታትን፣ ዝድርደር ጸርፌ ከይኣክል፣ ኣብ እዋን ዓወት ረቢ ሓጊዝኩም፣ ወይ መድሃኔ-ኣለም ኣብ ጎድንኹም ነይሩ፣ ዝብል ጽቡቕ መግለጺ ክወሃቦም ከሎ ነቲ ኣባሃህላ ብዘይ ሕፍረት ረቢ ኣበይ ነይሩ መድሃኔ-ኣለም ኣበየናይ ዲፋዕ ኮይኑ ተታኹስልና፣ ዝብል ድፍረትን ዓሻ መልሲን ክህቡ ዝዓበዩ መንእሰያት እሞ ተጋደልቲ ኣምላኽ የለን፣ ዝብል ፈሊጥ ተማሂሮም ብድዐ ዝዛረቡ ናይ ኢሰያስ መስመር ደይኮነን? ንንኡስ መንእሰይ ብቑዕ መግቢ ኣብ ዘይረከበሉ ኩነታት ሰብነቱ ዝዕቅበሉ ንወተሃደራዊ ቅርጹን መሸከሉ ዘየደልድል ትንባኾ ክሰፍፍ ወይ ናይ ሩዝ፣ ናይ ተምሪ ጽማቕ ተርባጽ ዝበሃል ጸሚቑ ክሰቲ ዝዕልም እንድዩ ትምህርቲ ሰራዊት ኢሰያስ ነይሩ። ነደን ኣቦን ክብረት ዘይህብ፣ ናይ ሓደን ኣንኮን መራሒ ኣድናቖት ዘዕበድበዶ፣ ንሓደ መራሒ ርእይዎን ተዛሪብዎን ዘይፈልጥ ክሳብ መለኮታዊ ግርማ ከም ዘለዎ ተሰኪምካ ምእታው ካብ ቅድም ዝተኣልመ ሕዱር ሕማም ኢዩ። እዚ ካብ መጀመርያ ሀ ክንብል ከለና ዝተቐርጸ ማዕከን ምምሕዳር ኣብ ሓደ ምስ ተኣከበ ህዝባዊ ዋንነቱ ተሪፉ ብመላኺ ተወኒኑ ምስ ተሓረመ፣ ንህዝብን ሃገርን ባይታ ምምሕዳርን ፍትሕን በሪሰን ንዓናን ግዴና እንታይ ተረፍ ክርከባ። ኣብ ገዛእ ደንበና ትነብር ናይ ሓጺን ኣርዑት ሓጺን ሰቒልና ኣብቲ ነምርተሉ ክረምትና ተቐሪና ንርከብ።

ሓደ ንኢሰያስ ከም ገበነኛ ዝገልጽ ኣብ ኣሰና ዘውጽኦ ጽሑፉ ምቕንጻል ናይ መንካዕ 1976 ገይሩ ገሊጽዋ ኣሎ። ተስፋ እገብር ጉጉይ ሓበሬታ ስለ ዘለዎ ክኸውን። ኣሚኑሉ እንተኾይኑ ኣይትድገማ ኢየ ዝብሎ። ናይ ዓይኒ መሰኻኽርን ክቕንጸሉ ተሰሪያም ክኸዱ ዝረኣዩን ተረፍ እሱራት ተጋደልቲ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ህልዋት ኢዮም። ነቲ ተግባር ክፍጸም ከሎ ዝነበሩ ናይ ሓለዋ ሰውራ ኣባላት'ውን ህልዋት ኢዮም። ከምኡ እውን ምሩኽ ጀብሃ ዝነበረ ሰብ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ነታ ዕለት ዘይርስዓ ህሉው ኢዩ። ነቲ ሓው ወይ ሓብቲ ምልክት ክህቦ ዝደሊ፣ ኢሰያስ ከይተፈለጠ ነታ ዕለት ኣብ ሓንቲ ጽሕፍቲ ገሊጽዋ ስለ ዘሎ፣ ካብኡ ዝዓቢ ምስክር ክህሉ እውን ስለ ዘይክእል ልዕሊ ኩሉ ጭብጢ ከም ዝኑድ ተቀሪጹ ኣሎ። ኢሰያስ ዝብህርረሉ ኩነታት ድማ ከምዝን ካልእን ጭቡጥትታትን ሽግራትን ስለ ዘሎ ኢዩ እሞ ከይተሓናኸረና ምጥንቃቕ ይሓይሽ። ሽመይ ከይ ሓባእኩን ብጉህድን ይገልጽ ስለ ዘለኹ ከም ምስክር ዘቑጽረኒ ኣካላዊ መግለጺ ይህበሉ ምህላወይ ክርሳዕ የብሉን፣ እሞ ቁሩብ ምጽማም ይሓይሽ እብል። ሓደ ሊቅን ምሁርን ኤርትራዊ ብእንግሊዝ ዝጸሓፎ ኣንቢበ እውን ደንበርበር ከይበልኩ ብመዓልቱ ይጸሪ ኢለ ሰጊረዮ ጸኒሐ። ሕጂ ግን ጉጉይ ሓበሬታ ምስ ዝደጋገም ከም ሓቂ ኮይኑ ስለ ዝቐርብ ነቲ ጭብጢ ክህብ ዝኽእል ብድሙር ክገልጾ ምጽባይ ይሓይሽ። ናይ ምስክር መግለጺ ምስ ጭብጥታቱ ዝኾነ ኣካል ነቲ ትሕቲ ሃገራዊ ቅርጺ ኣባሪዑ ንህዝብና ምስ'ዚ ዝረኸቦ ዘሎ ሸርሕታት ተወሳኽኪ ኮዩኑ ከይሃስዮ ስለ ዝተፈርሐ ኢዩ ነቲ እቶም ሰፍ ዘይብል ምስጢራት ዓቂብዎ ዘሎ። ኣባል መሪሕነት ነይረ ዝብል እውን እንተኾነ ከምቲ ኣብ ትሕቲ ናይ ሞት ጽላል ተቐይዱ ዝነበረ ኣባል፣ ምስቲ ኣብ ሓለዋ ሰውራን ዘተግበረ ማዕረ ኮይኑ ክምስክር ኣይክእልን። ገለ ኣባላት መሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ብድሕሪኦም ዝፍጸም ነውራም ቅንጸላ ከም ዘይሕበሮም ብዕሊ ንፈልጥ ኢና። ኣብ ርብዒ ዓመት ዝግበር ናይ ማእከላይ ሽማግለ ዘይዘተዮን ዘይሓንጸጾን ከም ኣዋጅ ከም ዝወጽእ ንፈልጥ ነርና። መጀመርያ መዓስ ተኸላይ ዓደን ኮይኑ ገሊጽዎ። ኣብ ከባቢ ፋሕ ዝነብር ተጋዳላይ እውን እኮ ኣብድን በሃምን ኣይኮነን። እሱርን ቅዩድን ህዋሳት ዘለዎ ዝሰምዕን ዝዕዘብን ዝዋህልልን ኢዩ። በጊዑ ኣዕብዩን ጓሴዩን ዘሸጥ ምዓስ ከም ዝተሓርደት ክፈልጥ ኣይክእልን። ኣብ ቤቱ ባዕሉ እንተሓረዳ ግን ክምስክር ይኽእል። ክሕረዱ ዝረኣዩን ንክሕረዱ ተሰሪያም ክኸዱን ዝረኣዩን እውን ኣለዉ። እቲ ዋና ምሕራድ ስጋ ድማ ብኻልእ ዘቕረቦ ጽሑፍ ጭብጢ እውን ኣሎ። ኣብቲ ዝተፈጸመት ጭብጢ ከም ጽሕፍቲ ዘውጸኣሉ ኩሎም እቶም ዘንበብዎ ሓደ ዓይነት ተርድኦ ክህልዎም ኣይክእልን። እቶም ኣብ እሱራት ነታ ጽሕፍቲ ምስ ተግባር ኣሰንዮም ኢዮም ዘስተማቕርዋ። ንሳ ነቲ ዝፈልጣ ፍልይ ዝበለ መግለጺ ስለ ዘለዋ። ኢሰያስ ዝብሎን ዝጽሕፎን ምስቲ ብሕቡእ ዘካይዶ ተግባር ዘራኽብ የብሉን። ነቶም ፈጸምቲ እውን ከም ዘጥፍኦምን ዘሕቅቖምን ድማ ክርሳዕ የብሉን። ኣባላት ሓለዋ ሰውራ ዘይመሃሩን ከም ሰብ ሓሳብ ዘይብሎምን ገርና ንኹሎም ብጅምላ ኣብ ሓንቲ መኸባዕቲ ኣይንጽሞቆም። ንሓደ እሱር ከም ቅዩድ ኢዮም ዝፈልጥዎ። ኩሎም ቅዩዳት ድማ ብጸላኢ ዝተላእኩ ኢዮም ዝብል መግለጺ ኢዩ ነቶም ሓለውቶም ዝወሃብ። ከዳዓትን ጸላእቲ ሃገርን ገይሮም ክወስድዎም ኢዩ ዝንገሮም። ኣስማት ናይቶም እሱራት እውን ብርግጽ ኣይፈልጥዎን ኢዮም። ቁጽሮም ጥራይ ኢዩ ዘገድሶም። ዝኾነ ይኹን ቅዩድ

ድማ ብምስቲ መቓይዱ ክዘራረብ ኣይፍቀዱን። ሰዓት ወይ ዕለት ክሓትት ኣይፍቀዱን። ኩሎም እሱራት ብሓደ ዝምስክርዎ ሓቂ ኢዩ። ሓደ እሱር ኣብ ሓንቲ ብሰለስት መኣዝና ብእምኒ ዝተነድቀት ሓጹር ኮፍ ኢሉ ናብ ሓላዊኡ ጥራይ ክጥምት ዘለዎ። ዕለት ንምፍላጥ ኣድላይ ስለ ዝኾነ ሓበሬታ ካብቶም ሓለውቲ ዝውንንወን ራድዮ ኢኻ ለይቲ ኣዳሚጽካ ክትፈልጥ ክትሰምዕ  ትኽእል። ማለት ዜና ወይ ካልእ መግለጺ ክወሃብ ከሎ ስለ ትሰምዕ። ኣብ ከውታ መርፍእ እንተ ወደቐት ስለ ትስማዕ። ምኩር ተጋዳላይ ናይ ምድማጽን ድምጺ ዝመጸሉ ከባብን ናይ ንፋስ ምንቅስቓስን ሽታን ከይተረፈ ስለ ዝቆጻጸር። ናይ ህይወቱ ኣብ ሓኢጋን ኣብ ጠልጠልን ስለ ትረክብ ድማ ኩሉ ከም ዘይተፈጸመ ገዲፉ ቀሲኑ ስለ ዘይድቅስ። ዋርድያ ይለዋወጡ እቲ እሱር ግና ኩሉ ግዜ ኣብ ቦትኡ ኣሎ። ጽላልን ድነን ሞት ስለ ተጸላልዎ። ካብቶም ሓለውቲ እውን ብዝፍጸም ዝጉህዩን በይንኻ ቀልቀል ክትወጽእ ትሓትት እሞ ሰብ ውሒድዎም ሓደ በይኑ ዝወስደካ እዋን ስምካ ይሓተካ ይኸውን። ገለ እውን ኣዋጽኦ ይሃብኩም ዝብሉኻ ኣይሰኣኑን። ጉሁያት ከም ዝኾኑ ዝህቡኻ ምልክትን ናይ ለውሃት ኤርትራዊ መግለጺኦም እውን ተንብቦ። ነቲ ኩሉ ጸበባ ሓሊፉ ምስኡ ኣብ ግዳም ክረኽበካ ከሎ ዘርእዮ ሓጎስ ድማ ወሰን የብሉን። መብዛሕትኦም ካብቲ ሓለዋ ሰውራ እንድሕሪ ወጽኦም ካብ ውድብ ምህዳም የዘውትሩ። መን ኢዮም እቶም ንየኦም ዝትክእዎም ትብሉ ትኾኑ። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ጽቡቕ ጠባይ ዘለዎ ማለት በቶም ዓለምቲ፣ ከም ስቕ በሃላይ፣ ዘይሓትት፣ ትሑት ትምህርቲ ዘለዎ፣ ወይ ድማ ዕዋላ ዝነበረ፣ ወይ ዘኽታም ኮይኑ ብኹሉ ዝተበደለ ኢዩ ዝምረጽ። እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ብዙሓት ሓደሽቲ ዝተቐየዱ ክመጹ ከለዉ፣ ኣቐዲሙ ዝዋሃቦም መምርሒ ኣሎ። ንየማን ጸጋም ከጥምቱ ከም ዘይብሎም፣ ነፍስ-ወከፍ እሱር ለይቲ ብጎቦ ወይ ብሑቖኡ መሪጹ ክድቅስ፣ በታ ዝደቀሳ ከውግሓ፣ ርእሱ ተጎልቢቡ ክሓድር፣ ከይገላበጥ፣ ድሕሪ ምሸት ምድቃሱ ሽንቲ ይኹን ቀልቀል ከም ዝይፍቀዶ፣ ተስእ ምስ ተባህለ ጥራይ ጉልባቡ ክቐልዕ። ምስ ዝኾነ ይኹን እሱር ብምልክት ይኹን ብቃል ርክብ ከይገብር ዝብል ሓበሬታ ይወሃቦ። ሓንቲ ካብተን ዝተዋህባ ምስ ዝጥሕስ ናይ ኣባትር ምዱግዳግ ከም ናይ ዕፉን ኣብ ቀውዒ ምዝባጥ ክሳብ ዝሕምሽሽ ይወርዶ። ገለ ዘይተጸብይዎ ድሃይ ምስ ዝገብር ወሲዶም ክሳብ ወኑ ዝስሕት ዘቢጦም ጸይሮም የምልስዎ። መን ከም ዝተዘብጠ እውን ክትፈልጥ ብጣዕሚ ኣጸጋሚ ኢዩ። እቲ ኣብ ጎድንኻ ኣምጺኦም ዘደቅስዎ መን ከም ዝኾነ ስለ ዘይትፈልጥ። ቁማል ወይ ካልእ ባልዕ ዘልዓልዎ ናይ ቆርበት ተኣፋፊ ባህሪ ክትሓክኽ ምስ ዝረኽቡኻ ዝወርደካ ማህረምቲ ኣዝዩ ከቢድ ኢዩ።

ኣብ ሓደ ቅነ ኣብታ ኣነ ኣብ ብለቓት ክፍሊ ታዕሊም 3 ጋንታታት ዝዕልመሉ ዝነበርኩ ሓደ ካብቶም ተዓለምቲ ዝነበረ ተቐይዱ ናብቲ ዝተኣሲክሉ ደንበ ተኣሲሩ ክመጽእ ርኣኽዎ። ስሙ ቅድም ኣብ ናይ ሓዲሽ ኦርነክ (ምዝገባ ብጸጥታ) ክገብሩሉ ትዝ ይብለኒ። ነፍስ-ወከፍ ናይታ ጋንታ መራሒ ስለ ዝነበራ ኣነ ከም ናይ መዓስከር ኣዛዚ ናይ ኩሎም ተዓለምቲ ኣስማት ክሕዝ ኣድላይነት ስለ ዘይብሉ ናይ ኣብኡ ስም ክሕዞ ኣይከኣልኩን። ካባይ ብዝበለጸ ዝፈልጦም እቲ መራሒ ጋንታ ኢዩ። ኣብ ዓሰብ ናይ ነዳዲ መጻረይ ልዑል ወይ ጽቡቕ ቦታ ዝነበሮ በዓል ሞያ ምንባሩ ኣብቲ ብጸጥታ ክሕተት ከሎ ዝሃቦ መግለጺ ሰሚዐ ነይረ። ኣካላቱ ነቲ ሓዲሽ ናይ ሳሕል ዋዕን ዘይጽርየትን ክጻወሮ ስለ ዘይከኣለ መራሒ ጋንታ ናባይ ስለ ዘምጽኦ ኣዛራሪበዮ ነይረ። ናብ ሕክምና እውን ከም ዝኸይድ ገይረ። ብርግጽ ናይ ተሰለፍቲ ዋሕዲ ዝነበረሉ እዋን ኢዩ ነይሩ። ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ተወዲቡ ምንባሩን ግን ብገለ ናይ ኢትዮጵያ ጸጥታ ስለ ዝተፈልጠ፣ ዝነበሮ ገንዘብ ብታህዋኽ ኣኪቡ ናብ ዓደን ብሰናቡቕ ከም ዘምለጠን እውን ሓቢሩ ነይሩ። ኣብ ዓደን ምስ በጽሐ ፣ ስድርኡን ወለዱን ድኻታት ስለ ዝኾኑ ብዘይክኡ ናባይ ከም ዘይብሎም ገሊጹ ናብ ስደት ክኸይድ ሓቢሩ ነይሩ። ግን እቶም ኣብ ዓደን ዝነበሩ ወከልቲ ውድብ ሮመዳን ሓመድኑር ኣብኡ ስለ ዝነበረን፣ ንሕና ክንሰደካ ፍቓድ ስለ ዘይብልና ንሜዳ ከድካ ተፍቅድ ኢሎም ብመርከብና ንሳሕል ልኢኾሞ። ምስ መጸ እውን ንዓይ ሓቢሩኒ ነይሩ። ከምቲ ንሱ ዝደለዮን ዘመልከቶን ንሓለፍቲ ኣመሓላሊፈ ነይረ። እቲ ኩነታት ጠልጠል ኢሉ ከሎ ኣቐድሚ ኣብ ማእሰርቲ ወይ ምቕያድ ስለ ዝኣተኹ ብድሕረይ እንታይ ኣጋጢሙ ፈጺመ ዝፈልጦ ኣይነበረንን። ሃንደበት ኣብቲ ተኣሲረሉ ዝነብርኩ ምስ ኣምጽእዎ ግን ክዝክሮ ክኢለ። ስለ ዘይንዘራረብ ስለ ምንታይ ከም ዝተኣስረ ሓቲተዮ ኣይፈልጥን። ሓደ ለይቲ ዓው ኢሉ ይበኪ። ንስድራይ ክናቢ ስለ ዝበልኩ ስለምንታይ እእሰር ክብልን፣ እቶም ሓለውቲ ከቢድ ማህረምቲ ከውርድሉ ንሱ ድምጹ ክውስኽን፣ ናይ ቃንዛ ምግዓር ከስምዕ ንገለ ደቓይቕ ኩላህና ነቲ ስቓይ ተጎልቢብና ንሰምዕ ነርና። ድሕሪ ተወሰነ ማህረምቲ ድማ ከምዚ ክብል ሰማዕክዎ። *„ኣነ ኣብ ዓሰብ ናይ ነዳዲ መጻረይ ዝሰርሕ ዝነበርኩ ኤርትራዊ ዘጋ ኢየ። ስመይ ኣፈወርቂ እበሃል፣ ትውልደይ ኣብ ኣከለ-ጉዛይ ከባቢ ሰንዓፌ ኢዩ። (ስም እታ ዓዲ እውን ሎሚ ግዜ ነዊሑ ረሲዐዮ እንበር ክጠቅስ ከሎ ትዝ ይብለኒ) ሕጂ ነብሰይ ይዝሕለኒ ኣሎ እሞ ሙምተይ ስለ ዘይተርፍ ንስድራይ ወይ ወለደይ ሓብሩለይ“* ድሕሪ ምባል ድምጹ ጠፍኣት። ድሕሪ ድምጹ ምጥፋእ እቶም ሓለውቲ ነቲ ሓኪም ናይታ ማእሰርቲ ባህታ ዝበሃል ይጽውዕዎ። ንሱ ድሕሪ ምምርማር፣ ተገሪሁ እዚ ሰብኣይ ዓሪፉ ኣሎ በለ። እቲ ሓላፊ ናይ ቤት ማእሰርቲ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ዝፈላጥ ክመስል

ኣይሞተን ኣይትሓሱ ክብል ድሕሪ ምፍርራሕ፣ እቲ ሓኪም ርዒዱ ነቲ ሬሳ ኣልዕልዎ ክብል ሳምቦ-ሳምቦ ገይሮም ወሰድዎ። እቲ እሱር ኮነ እቲ ሓኪም ብድሕሪ እታ ለይቲ ተራእዮም ኣይፈልጡን። ነብሰይ ቀቢጸያ ስለ ዝነበርኩ ብዙሕ ካልእ ከምኡ ዝበለ ሽግራት ማህረምትን መስበርትን ነፍስ ወከፍ ለይቲ ክፍጸም ብምርኣየይ፣ ነቲ ዝተፈጸመ ኩነታት ንምግታእ እንተ ብኣጋጣሚ ካብ ማእሰርቲ ከይተቐንጸልኩ ክወጽእ እንተ ክኢለ ገለ ነገር ክወስዶ ዘለኒ ስጉምቲ ኣጽኒዐ ክቃለሶ ተመነኹ። ግን ከም እቶም ናይ መንካዕ ኣባላት ካብቲ ምስ ካልኦት እሱራት ተወሲዶም ዝተቐንጸሉ ኣነ እውን ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ታራይ በጺሑ ከም ዝቕንጸል ኮይኑ ይስመዓኒ ነይሩ። እቲ ስቕያትን ስነ-ኣእምራዊ ጭንቅን ኣዝዩ ልዑል ምንባሩ ግን እዝክር። ነቲ ዛጊድ ካብ ገለ ጽሑፋት ዘንበብክዎ ,,ክልተ ሓራምዝ ክበኣሳ ከለዋ እቲ ዝሽፍኣ ሳዕቤን ዝወርዶ ነቲ ዝረግጽ ዘሎ  ሳዕሪ ኢዩ“ ዝብል ምስላ ይኹን እንበር ናባና ግን ሰብኣይን ሰበይትን ዝተባእሱሉ መኣዲ ይሃብካ ዝዓይነቱ_ ብኣንጻሩ ግን ናይ ክልተ መሪሕነት ዘይምቅዳውን ቅርሕንትትን ንዓይን መተኣስርተይ ብጾተይን ንወጻሉ መንገዲ ተረኺቡ። ኣብ መንጎ ኢሰያስን ሰለሙንን ዝነብረ ጉዳይ ኣብ ጥርዙ ስለ ዝበጽሐ፣ ኢሰያስ ንሰለሙን ዝሕቕቐሉ ኩነት ክጽበ ጸኒሑ ናይ ሳበ ኩነታት ከም ጉልባብ ተጠቒሙ ሰለሙ ንካርቱም ከይዱ ከጻሪ ብምይይጥ ይልእኮ። ኢሰያስ ድማ ንሕና ኩላህና ብናይ መንካዕ ሰበብ ብሰለሙን ከም ዝተኣሰርና ዘስምዕ ጥበብ ድሕሪ ሰለሙን ንሱዳን ምኻዱ ኣውጸኣና። ማለት ኣብ ፍኹስ ዝበለ ናይ ተሃድሶ ቦታ ከወለና። ሰለሙን ሃንደበት ኢሰያስ መደቡ ከይፈጸመ ከሎ ግልብጥ ክይብል ስለ ዝፈርሐ ነታ ሓዳስ ከውሊ ተሃድሶ ክብል ሰመያ። እኹል ግዜ ረኺቡ ናይ ሰለሙን ጉጅለ  ኣብ ሜዳ ተገማሚዓ ፋሕ ብትን ኣተዋ። ንሕና ኮራኩር ኢሰያስ ተባሂሉ ካብ ማእሰርቲ ወጻእና። ዘገረመኒ ድማ ካብቶም ዝተፈትሑ ናይ ኢሰያስ ፍሕሶ ስለ ዝፈለጡ እሞ መሊስካ እሰረና ስለ ዝበልዎ፣ ብህጹጽን ብቕብጥሮትን ኣብ ሓይለታት ሰዲዱ ኣብ ጹዕጹዕ ውግኣት ኣእቲዩ መብዛሕትኦም ንዝፈትውዋ ሃገሮም ብትብዓት እንዳ ተቓለሱ ኣብ ሽርሑ ከይወደቑ ተሰዊኦም። በጻብዕ ንቁጸር ተሪፍና ኣለና። ህዝቢ ኣብ ስደት እውን በብቑሩብ ክንሕብር እንተጀመርና ካብ ኢሰያስ ንላኦሊ ኢሰያሳታት ኮይኖም ከም ዘሳቑኑና ክሓብእ ኣይደልን። ኣጽቂጥናን ካልእ ሜላ ተጠቂምናን ከም ህልዋት ምውታት ኮና ነንሓድሕድና እንዳ ተራኸብና። ዝምድናና ንምድልዳል ከም ዝተወልደ ቆልዓ ብልግና እንዳ ተታሓሓዝና ናይ ኣቦ መተካእታ ኮና ጸኒሕና። ሎሚ  ከም ክርስቶስ መትና ዝነበርና ተሲእና ግን ከማና ዝነብዕ በርኪቱ ኣብቲ በርኪቱ ዘሎ ሓዘን ተሓዊስና ነተንፍ ኣለና። ካልእ ንጸውየሉን ንጽሕፈሉን ሕጉስ መድረኽ እንተ ንኣቱ ምሓሽና። ቀድም ገድሊ ሎሚ ገድሊ ከም ምንጎ ክልተ ህብስቲ ኣትያ ትገሃጽ ስጋ (እምቦቲቶ) ሕጂ እውን ንንከስ ኣለና። መናኽስትና ምብርካቶም ብጣዕሚ ንሓዝን። ዘይሓልፍ ጸበባ የለን፣ ኩሉ ስኑ ይንከስ እንበር እታ ሓቂ ባዕላ ትበርህ ኣላ። እቶም ናይ ኢሰያስ ብጹእ ኢዩ እንዳ በሉ ክውቅጡ ዝውዕሉ ሎሚ ንሱ ብዝያዳ ከፍሽሎምን ነቲ መስመሩ ከሳጥሕን ይውዕል ስለ ዘሎ ክሓብእዎ ዝኽእሉ ሜላን ግዜን ይጽንቀቕ ኣሎ። ከምዚኦም ዝበለ ሓው ኣይሃብካ።

ካብቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ናይ ምቕያድ ቦታ ንስክላ ምስ ወጻእኩ፣ ካብ ትሒቲ ዓይኒ እዚ ጉሒላ ኣምሊጠ ኣይፈልጥን። ኣብ ክፍሊ ሽዱሽተ ዝብልዎ ናይ ሓለዋ ሰውራ ምስ ብዙሓት ብጾተይ ክንምደብ ንስራዕ። ኢሰያስ ምስ ዳዊት ሃብቱ ብሓንሳብ ነቶም ልዕሊ 100 ንኸውን ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ይምድበና። ኣነ ምስቶም 40 ዝኾኑ ናብ እቲ ሓዲስ ክፍሊ ሕርሻ ዝበሃል ተመደብኩ። ኣብቲ ቦታ ብናይ ሕርሻ ሞይኦም ከም በዓል ዶክተር ተኸልማርያም ዘጎ፣ ናይ ሕርሻ ምሩቕ ኪዳነማርያ፣ ካብ ራሻ ዝተመረቑ ሕሩይ ኣስጎዶም፣ ኣብረሃ ጋርዛ፣ ካብ ኣለማያ ዝተመረቐ ሃይለ ኣውዓሎም ካልኦት ውን ካብ ማለኸርያ ዝመጹ ሓደስቲ ኣብኡ ይጸንሑና። ኩሎም ሓደሽቲን ኣሕልቕትና ነይሮም። ክኾኑ ድማ ቅኑዕ ኢዩ። ናይ ሕርሻ ዘበናዊ መጽናዕቲ ዝወሰዱ ስለ ዝኾኑ። ግን እቲ ምዱብ ዝመሓደር ኣካል ኣባል ሰራዊት ስለ ዝኾነ ኣብ ወተሃደራዊ ምሕደራ ግን ካልእ ቅርጺ ኣለዎ። ንሜዳ ስለ ዘይፈልጥዋ ንሓን ካበይ መጺእና? ገዳይም ዲና ወይስ ሓደሽቲ? ዝፈልጥዎ ኣይነበሮምን። ንሕና ካብ ሓለዋ ሰውራ ተኣሲርና ከም ዝነበርና ክንሕብሮም ዘቕጽዕ ኢዩ። ተኣሲርና ነርና ከይትብሉ ተነጊሩና ስለ ዝነበረ። ገለ ካብ ሑመራ ሓረስቶት ዝነበሩ ገለ ድማ ካብ ሱዳን ናጽነት ቀሪባ ኣላ ኢሎም ዝመጹ እውን ነይሮም። ምስ ሳበ ዝነበረ ዝምድንኦም (ናይ ህዝባዊ ሓይልታት) ኣብ ምብታኽ ስለ ዝነበረ፣ ኣብ ኣልገና ያኢ ተዘሪኡስ ምግቢ ሰውራ ክሕፈስ ተባሂሉ ክንደይ መናፍሕ ዘይተሃርመ። ዝኾነ ኮይኑ እቲ ቦታ ስቡሕ ብምንባሩ ብጽፉፍ ኣሰራር>ሓን ብስነ-ፍልጠታዊ ኣጠቓቕማን ከርብሕ ምኽኣለ። ኣነን ገለ ብጾተይን ግን ከም ንህዝባዊ ሓይልታት ኣጋይሽ ብምምሳል ንህቦ ገለ ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ኣይነበረን። ሓደስቲ ናይ ሻዕብያ ቅርጺ ዘይፈልጡ ሓደ ንምጥቃስ ናይ ኣለማያ ልዑል ናይ ሕርሻ ትምህርቲ ዝተኻፈለ ሓው ኣለነ መድሃኔ፣ ኣብቲ ቦታ ተመዲቡ ነይሩ። ኣብቲ ንተሃድሶ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ቁጽሪ ሽዱሽተ ከለኹ ኣብ ከባቢ ፋሕ ዝረኣኽዎ ይመስለኒ፣ ድሕሪ ምምዳብና ኣብቲ ቦታ ጸንሑኒ፣ ኮይኑ ግን ኣብ ኣልጌና ምስ ረኺብክዎ መን ከም ዝኾነ ስለ ዘይፈልጦ ብዙሕ ኣይለገብክዎን። ንሱ ግን ተስፉ ከም ዝበሃልን ኣበይ

ከም ዝነርኩን ካብ ገለ ፈሊጡ ነይሩ። ሓደ ግዜ በይነይ ረኺቡኒ ብዙሕ ኣዕሊሉኒ። ብጣዕሚ ድማ ሓዚነሉ። ነታ ውድብ ከም ዘይፈልጣ ስለ ዘረጋገጽኩ ክጥንቀቕ ከም ዘለዎ ሓበርክዎ።

ሓደ መዓልቲ ነቶም ካብ ማእሰርቲ ዝወጻእና ንበይንና እቲ ኣዛዚ ሕርሻ ግን ሓዲሽ ተጋዳላይ ሃይለ ኣውዓሎም ዝበሃል ( ምሩቕ ኣለማያ) ንኹላህና ,,ብሙሉኣትና መሰልና ከም ዝተገፈን ናብ ከበሳ ክንወጽእ ከም ዘይፍቀደናን፣ ናይ ርእይቶን ሕቶን መሰል ከም ዝይብልናን ገሊጹ ሃዲእና ክንቅመጥ መግለጺ ይህበና። ኣነ ብውሽጠይ እንዳ ሰሓቕኩ እዚ ሰብ እዚ ሓዲሽ ጥራይ ዝይኮነስ ገርሂ እውን ኢዩ ክብል ገሊጸዮ። ነዛ ውድብ እውን ዘይፈልጣ ክኸውን ኣለዎ በልኩ። ብጾቶይ ኩሎም ነደዱን ረሰኑን። መን ኢዩ መሰልና ዝገፈፈና ክብሉ ድማ ጨደሩ። ክትጠርዕ ዝደሊ ስሙ ይመዝገብ ክብል መለሰ። በብእብረ ተመዝገቡ። ድሕሪ ኩሎም ንዓይ ስመይ ከመዝግብ ይሓተኒ። ናብ መን ኢየ ክጠርዕ ውይ ድማ ናብ መን እግባይ ክብል ሓተትክዎ። ናብ መሪሕነት ውድብ ይብለኒ። ባዕሉ መሪሕነት መሰለይ ገፊፉንስ ናብኡ መሰለይ ክምለሰለይ ክሓትት? ዘየለን ዘይከውንን ኣሰራርሓ ኢዩ ስለዚ እቲ ውሳኔ መሰለይ ክግፈፍ ስል ዝተበየን ተቐቢለዮ ኣለኹ ድማ በልኩ። እቶም መተኣስርተይ ገለ እውን ሕጂ ኣብ ጀርመን ዘለዎ፣ ስምና ሰርዞ ክብሉ ብሓባር ሓቲቶም ነቲ ዝሓሰብዎ ገደፍዎ። ተ/ጋ ሃይለ ኣውዓሎም ንናይዝጊ ክፍሉ ስለ ዝሓበሮ ,,ንስኻ ኣብዚ መሪሕነት ውድብ እምነት የብልካን“ ክብል ድሕሪ ክልተ መዓልታት መጺኡ ሓበረኒ። ሓደ ካብቶም መተኣስርተይ ሎሚ ኣብ ጀርመን ወሊዱስ ንውላዱ ብልግነት ሕዘሉ ዘለኹ፣ ነዚ ዝወርድ ዘሎ ጭንቂ ስለ ትርኦ ዘለኻ ነዚ ውድብ ራሕሪሕና ንኺድ ክብል ኣብ ቀብር-ውእት ይሓተኒ። ናይ ጅግንነት ዕጥቂ ዓጢቕና ኣብ ዘየድሊ ተግባር ክንወድቕ ኣድላይ ኣይኮነን። ኩሉ ክሓልፍ ኢዩ ስለዚ ንቕጽል እንበር ሓሞትና ኣይንዘርግን። ንስኻ ክትጋደል ካብ ኤውሮጳ መጺእካ በዚ ሕጂ ትረኽቦ ዘለኻ ፈተነ ተዓንቂፍካ ሰኣን ምጽማም ኣብ ዘይልየካ ስጉምቲ ኣይትእቶ ኣነን ንስኻን ናይ ብሓቂ ብጾት ኢና ተፋሊጥና ድማ ኣለና፣ ሓልወኒ ክሕልውካ ኢየ ምስ በልክዎ ተጸናኒዑ ቀጸለ።

ከምኡ ዝመስሉ ብርክት ዝበሉ ጀጋኑ ኣጸናኒዕካ ለውጢ ንምምጻእ ግዜ ይወስድ እንበር ዘይብጻሕ ኣይኮነን ዝብል ሓቦ ሒዙኒ ኣነ እውን ተተባባዕኩ። ኣለነ መድሃኔ ግን ስለ ዘይሰምዓኒ ተመልሱ ኣብ ቀይዲ ኣትዩ ነይሩ። ከምቲ ንዕኡ ኮነ ንኻልኦት ዝመኸርክዎም ክመክር ዘይኮነስ ኣሕሊፈ ከሳጥሕ ጥራይ ኢዩ ዝፍቀደኒ ነይሩ። ነቲ ምስጣሕ ዝበሃል ግን ተቐቢለዮ ኣይፈልጥን። ብዝኾነ ግን ኣብቲ ናይ ሕርሻ ከም ስራሕ ዘበርከትክዎ ነገር እንተሎ ብውጽኢት ረብሓ ዘለዎ ኣፍርየ ክብል ፈጺመ ኣይደፍርን። ዓቕመይ እውን ኣይነበረን። ኮይኑ ግን ብዙሓት ናይ ውሽጣዊ ስምዒት ተደናገጽትን ኣሕዋትን ኣጥርየ። ዋላ እቶም ነቲ ውድብ ዘይፈልጥውን ይኹኑ እንበር ልዑል እምነት ዝነበሮም ብውልቃዊ ጠመተ ኣብ ልዕለይ ዘሕደርዎ ትዕዝብቲ ኣዝዩ ኣወንታውን ከም ስድራይ ዝሓልፉለይ ብፍንው ሰሪዐ ነይረ። ብቐረባ ኣብ ስራሕካን ተግባርካን ስለ ዝዕዘቡኻ ብግለ ክትስሕቦም ንቡር ኢዩ። ኣብቲ ውድብ እውን ዘይገልጽዎ ባህ ዘይብሎም ሕቶታት ነይርዎም ኢዩ። ሰብ ኢዮም ንኹሉ ድማ ይዕዘብዎን የስተብህሉሉን።

ብጻይነት በቲ ካልእ መዳይ ይብልኹም እዚኣ ኢያ። ኣብ ክፍሊ ታዕሊ ከለኹ ምስ ሓደስትን ዝመረሮምን ተዳናጋጽን መጸናንዕን ተሓቛቚን ብምንባረይ ኩሎም እቶም ዝዕለሙ ከቢቦም ምሳይ ካብ ካልእ ዓላማይ ንላዕሊ ኣቕሪቦም ይለግቡኒ ነይሮም። ሃገራዊ ፍቕሪ ኣብ ብጾትካ ዝግለጸሉ ምንጽብራቕ ከም ዝንበብ ትገብሮ ኮነ ኢልካ ኣይኮንካን ትፍንዎ። ባህርያዊ ሓቂ ባዕላ ኢያ ተንጸባርቕ። ኣብ ፋብሪካ ወይ ኣብ ውድባ ድማ ኣይኮነትን ትስራሕ። ኣብቲ ንዕለመሉ ከባኢ ሕክምና ውድብ ብምንባሩ ብርክት ዝበሉ ውጉኣት ይእለዩ ነይሮም። ብዘይካ ዶክተር ሃይለ ምሕጹን ካልኦት ዶክተራት ኣብ ሳሕል ስለ ዘነበሩ፣ እቲ ድሓር ከም ናይ ሕክምና ማእከል ዝኾነ ሰበረ-ቀጠ ስለ ዘይተመሰረተ እቲ ቀንዲ ሕክምና ኣብ ብለቓት ኢዩ ጥራይ ነይሩ። ናይ ምደባ ጸጋማት ስለ ዝነበሮም ነቶም ውጉኣት ዝኣልዩ ውሑዳት መግቢ ዘብስሉን ዕንጸይቲ ኣርዮም ዘበርቱ ስለ ዘይነበርዎም ብኸቢድ ስራሕ ኢዮም ተጸሚዶም ኣድህቦኦም ኣብቶ ውጉኣት ከምቲ ዝደልይዎ ክኸውን ኣይካኣለን። ለይትን ቀትርን ሓኪሞም፣ ዕንጸይቲ ከናድዩ ጣሻ ኣትዮምን ጸይሮን፣ ክዳዳውንትን ጋርዛን ሓጺቦም ምሉእ ኣገልግሎት ክህቡ ድማ ኣይከኣሉን። ኣነ ነቲ ኩነታት ስለ ዝረኣኽዎ ነቶም ተዓለምቲ ድሕሪ ወተሃደራዊ ትምህርቲን ምህናጽን ትርን ኣካላት ዝግበር ጉያ ናብ ዕንጸይቲ ወፊርና ብሓባር ናብቲ ሕክምና ነራግፎ ነርና። እቶም ናይ ዕጥቅን ስንቅ(ተውሚን) በቲ ዝወሰድክዎ ተግባር ተሓጊሶም ሽኮርን ፌኖን ነቶም ተዓለምቲ ክህብዎም ጀመሩ። ኣብ ክንዲ ንግሆ ጥራይ ሻሂ ንሰቲ ዝነበርና፣ ተወሳኺ ሽኮር ከወሃበና ተፈቒዱስ 3 ግዜ ኣብ መዓልቲ ክንሰቲ ጀመርና። ስሕት ኢሎም እውን ዘይቲ መሳሊ፣ ሳቡና ክህቡና ጀመሩ። ምውቕ ምቅርራብ ክፍልታት እውን ማዕበለ። ሎሚ ተስፋ እገብር ክዝክሮ ኣብ ናይ ሕቡራት ሃገራት ልዑል ቦታ ሒዙ ዘሎ ተ/ጋ ሃይለ መንቆርዮስ ሓልዮት ዝመልኦ ማዕዳ ሃበኒ። ተስፉ ካብ ክትፍቶ ክትጽልካእ

ይሕሽካ ድማ በለኒ። ናይ ፖለቲካ ብቕዓት ዘለዎን ኣብ ክፍሊ ዜናን ፕሮፓጋንዳን ስለ ዝነበረ ኣበሃህልኡ ኣይንጸሳ እንበር ድሕሪ ባይታ ከም ዘለዎስ ይርደኣኒ ነይሩ። ሓደ መዓልቲ ሎሚ ናይ ሰድያ መመቒ ብሪጋደር ጀነራል ተመስገን በርሀ ኣነን ሃይለ መቆርዮስን እንዳ ኣዕለልና ከለና፣ ከምዛ ንሕና ዘይንፈልጡ ፈራሕን ተጸፊው ዝኸይድን ክንሱ ብድፍረት ሃንደበት መጺኡ ,,እንታይ ተዕሉሉ ኣለኹም“ ክብ ምስ ምጉብዕባዕ ዝተሓወሶ ሃደደና። ዝምልከተካ ነገር የለን ናይ ብሕቲና ክንጻወት ኣይነኽእል ዲኻ ትብል ዘለካ ክብል ተወከስክዎ። ኣብ ልዕሊ ተ/ጋ ሃይለ መንቆርዮስ ዝወረደ ነገር ኣይነበረን። ኣነ ግን ተጸዊዐ ተቐየድኩ። ንኹሉ ስራሓት ከተቃልልን ናይ ሓባር ውጽኢት ዘልዎ ዕማም ክሳለጥ ከሎ ዝሓሙ ሰባት ፍረ መሪሕነት ውድብ እንበር ናይ ባዕሎም ስጉምቲ ክኸውን ኣይክእልን። ነዚ እዩ ድማ ክትጽላእ ፈትን ዝተባህለ። ኣብ ወጻኢ ንዶክተር በረኸት ናይ ተ/ጋ ሃይለ መንቆርያስ ምስ ሓበርክዎ፣ ,,ሃይለ ቅኑዕጽ ሰብ ኢዩ“ ክብል መልሲ ሃበኒ። ፕሮፌሰር በረኸት እውን ቅርጺ ውድብ ከመይ ከም ዝመስል ክሳብ ኣንጉው በጺሑ ከም ዘሎ ኢየ ክፈልት ክኢለ። ኣሚነ ዝገለጽኩሉ ድማ ብቕንዕንኡ ስለ ዝተኣማመንኩ ኢዩአ። እቶም ተዓለምቲ በቲ ዝገርዎን ዝወፈይዎ ኣገልግሎት ሕክምና ውጽኢት ዝወሃቦም ዝነበረ ጉንፖ ክሳብ ሓይሊ ጽጋብ ተባሂሎም ይጽውዑ ነይሮም። ናብ ሕክምና ዕንጸይቲ ከየምጽኡን ኣገልግሎቶም ከይህቡን ተባሂሉ ኣነ ተቐየድኩ፣ ንሶም እውን ሓገዞም ከየበርክቱ ተኸልከሉ። ናይ መነባብሮ ኩነታቶም ድማ ተለዊጡ ሓይሊ ኣብ ዝኸፍአ ናይ ጥምየት ጽላሎት ወድቐ ሓይሊ ናይ ወሎ ጥሙያት ተባህሉ። ሓደ ናይ ፖሊስ ኣባል ዝነበረ ሻምበል ባሻ ዝበሃል ኣብ ክንዳይ ተመደበ። እቶም ከም ተረፍ ዘለዉ ተጋደልቲ ክሳብ ይዝክዎ ኣለዉ። መቐየድየይ ካልእ ኢዩ። ነቲ ምቕያደይ ዘቃላጠፎ ግን ምስ ተጋደልቲ ዝነበረኒ ዝምድና ስለ ዝተጸልአ ኢዩ። እሞ ሕጂ ናበይ ዝብል ጽሑፈይ ኣብታ ሻምነይትን ድሕሪኣን ክቕጽል ኢየ። ብፍላይ ህዝብና ከመይ ገይሩ ኣብዚ ዘየመያየጥን ኣብምብትታን ዝኣተወሉን ኢየ ክገልጽ። እተን ቀጺለን ዝመጻ ጽሑፋተይ ሽግርና ዘይንፈትሓሉ ሜላ ኢሰያስ ነቲ ዓድታትና ብባይቶ ዝገርኦ ዝነበራ ፍትሕን ስላምን ኣብ ቆላ ናይ ሓል ሙጀማዕ ዝብል ባህልን ባህሪ ሰርካ ንስድራ ቤት ትዝረገሉ መደብ ምስ ምውላድ ህዝባዊ ሓይልይታት ከም ዝተፈጥረ ኢየ ከነጽር ዓሊመ ዘጸኹ። ብዓቕመይ ድማ ተቓሊሰሉ ኢየ። እቲ ውድብ ሰላሕታ ወራር ክሳብ ኣብ ስደት ከመይ ገይሩ ኣተኣታትዩ ሞራለይ ክሰብርን ክሃስን ዝተፋሕሰ ፈተነን ምውፋሩን ከይተረፍ ኣዕሚቐ ኢየ ዝፈልጦ። ሰላም እውን ረኺበ ኣይፈልጥን። ግን ሰላም ድማ ኣርሐቐያ ኣይፈልጥን። ቆርበትካ ረጊድ ይግበሮ ዝብሉኹም እዚኣ ኢያ። ዕሱባት ህግደፍ ኣይተኻእለን እነብር እንተ ዝኽእሉ ከም በረድን ኣስሓይታን ንኹሉ ኣብ ባሕሪ ከብዱ ቀዝሒ ከእትዉሉ ኣይምጸልኡን። በብሓደ ዝፈነውሉና ቀዝሒ ብጥቕሉል ከም ከቢድ ብረት ኣብ ልዕሊኦም ነውርደሉ ግዜ ክነውሕ የብሉን።

ኣብ ሻምናይ ክፋል የራኽበና።
ይቕጽል
ተስፉ ዘውደ
25708.2009